# ሃገር ተጠንቂቕካ ሒዝካ ኢያ ሃገር ትኸውን

ሃገር ዝብሃል እቲ እምንን ሓመድን ዘይኮነስ፡ ንሓደ እተወሰነ ህዝቢ ብኹሉ እንትንኡ ዝሳማማዕ ምስቲ ዝነብረሉ ውሱን መሬት እትጥቀመሉ መጸውዒ ስለ ዝኾነ፡ ሃገር ክትብል ከለኻ ንኹሉ ነቲ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝነብር ህዝቢ ዝምልከት መጸውዒ ምዃኑ ኩሉ ዝረዳድኣሉ ሓቂ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ሃገር ተጠንቂቕካ ክብሃል ከሎ፡ ነቲ ህዝቢ ተጠንቂቕካ ምሓዝ ማለት ምዃኑ ፍሉጥን ኩሉ ዝርዶኦን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካኣ ኩሉ ጊዜ ሕቶኡ ሓድነት ተቓለስቲ ኢዩ፡ ኩሎም ውድባት ኤርትራ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ተሞክሮ ህዝቢ ካብ ዝደልዮ ወጻኢ ዝኾነ መገዲ ዘየዐውት ምዃኑ ተረዲኦም ሓቢሮም በበይንኻ ኮንካ ዝካየድ ቃልሲ፡ ከዓውተና ኣይኽእልን ኢዩ፡ ሽሕ ፈልሲ መእሰሪኤን ልሕጺ ከም ዝብሃል ኢዩ እሞ ንዑ ኩልና ስምር ኢልና ነዚ ዲክታቶር ንቃለሶ ኢሎም ምሕዝነት ከም ዝመስረቱ ይፍለጥ።

ብኡ ካኣ ሃገራዊ ዋዕላን ካልእ ካቡኡ ንላዕልን ክገብሩ ዝኽእሉሉ ኩነታት ዳህሲሶም፡ ኣብ ሓደ ከዓውቶም ዝኽእል መገዲ ንምብጻሕ ምሕዝነት ከም ዝገበሩ፡ ምሕዝነት ምስ ተዓናቒፊ'ውን ኣብ ኪዳን ከም ዝሰገሩ ኩልና ንዝክሮ ሓቂ ኢዩ፡ ካብቶም ኪዳን ኣብ መጋባእያኡ ዘሕለፎም ውሳኔታት ካብኣቶም ሓደ ወይ ካልእ ኣብ ጎደናታት ተመሊሱ ብምውጻእ ቀጠነኒ ክብል ድማ ኣይግባእን፡ እዚ ንባዕሉ ንዲሞክራሲያዊ ውሳኔታት ምጽራር ማለት ኢዩ።

እዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ካኣ ስለምንታይን፡ ኣበየናይ መድረኽን ብኸመይን እናተዓንቀፈ መጺኡን ይቕጽል ኣሎን ምፍላጥ የድሊ፡ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኮነ ቀጥ ኢልካ ክትሕዞን ከምኡ ዝመሰለ ኩነታት ንኻልኣይ ጊዜ ከየጋጥመካ እሞ ካብ ፅንቅፉት ምንእንቲ ክትድሕን ካኣ ኣብ ኣእምሮኻ ከም መምሃሪ ሒዝካዮ ጸኒሕካ ካብ ከምኡ ዝመስል ሽግር ክትካላኸለሉን ሃገርን ህዝብን ኣብ ምድሓን ክትግልገለሉን ዘለካ ኣፍልጦ ኢዩ፡ እዚ ዕጥቂ'ዚ እንተ ዝነብር እቲ ኩሉ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤእዋኑ ዘጋጥም ዝነበረ ዓንቃፊ ኩነታት ክምከት ምተኻእለ። ሓደ ህዝቢ ንጉዳዩ ባዕሉ ምስ ሓዞን፡ ጥዑይን ብሱልን ሃገራዊ ኣታሓሳስባ ምስ ወነነን ግን፡ ንኹሉ ኣብ ኤእዋኑ ዘጋጥም ሃገራዊ ሽግራት እናኣለየ ህዝቢ ከም ዝጥዕሞን ሃገር ናብ ምፅብልና ከም ተምርሕን ንኽገብር ዘጸግሞ ነገር የለን፡ እቲ ኩሉ ብቓልሲ ዝጥረ ተሞክሮ እምብኣር፡ ንኹሉ በብእዋኑ ከጋጥም ንዝኽእል ሃገራዊ ሽግራት ብሜላ እናወገድካ፣ ብጥንቃቐ ህዝብን ሃገርን ንኽተማሓድር ኢዩ ዝጠቅም።

ኤርትራውያን ፈቲና ጽሊእና ካብ ሽገር ናይ ዘይማዕበለ ኣታሓሳስባ ከይወጻእናን ሓድነትና ከየደልደልናን ዝመጽእ ፍታሕ ከም ኩልና ንደልዮን ከምቲ መላእ ሕዝቢ ኤርትራ ዝጽበዮን ክኸውን ከምዘይክእል ንኹልና ንጹር ክኸውን ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ሓደ ኣብ ህልኽ ዝኣተወ ህዝቢ ስዓሪ ናይ ምዃን መርገጽ ሒዙ ብህልኽ ስለ ዝጥቃዕ፡ ኣፈታትሓ ሽግር ይስወሮ ኢዩ፡ ስለ'ዚ ካብ ዓበይቲ ጌጋታት ተጠንቂቕና ካብ ጥፍኣት ንኽንድሕን ንጉድለታትና ክንርኢ ክንክእል ኣለና። ብህልኽ ትጓዓዝ እንተድኣ ኮንካ ካኣ ኣብ ከተምጽኦ እትኽእል ኮይኑ ዝርኣየካ ዓወት ኣትኪልካ ክትሰርሕ ከለኻ፡ እቲ ብሰንኪ ህልኽ ከተስዕቦ እትኽእል ንህዝብን ሃገርን ዋላ'ውን ተመሊሱ ንኣኻ ዝጎድእ ኣሉታዊ መዳይ ናይቲ ትኽተሎ ዘለኻ መርገጽ ንኣኻ ብሩህ ኣይኸውንን ኢዩ፡ እዚ ብሩህ ኣብነት ኣብ ጊዜ ዓደየ ዓደየ ኣብ ሓምሳታት ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ንዝብል ኣማራጺ ዝወሰዱ እንተ ተመልከትና ይኣክል ኢዩ፡ ምኽንያቱ በቲ ናይ ሽዑ ህልኾም ዘዕቆብዎ ደቆም ኣብ ምድላይ እታ ዘጥፍእዋ ነጻነት ወፊሮም ምሳና ጥፊኦም ኢዮም።

ስለ'ዚ ብኸም'ዚ ናይቲ ትኽተሎ ዘለኻ መገዲ ጥፍኣት ውጽኢት ኣብ ባይታ ክሳዕ ዝርኤ፡ ከይተፈለጠካ ስለ ትጸንሕ፡ ተጣዒስካ ክትመልሶ ዘይትኽእል መገዲ ጥፍኣት ተኸቲልካ ጌጋ ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ፡ እቲ ቀንዲ ክርድኣና ዘለዎ ካኣ፡ ሃገር ከምቲ ናይ ብዙሓት ምዃና መጠን ብምኽርን ጥበብን ናይ ብዙሓት ጥራይ ኢያ ንቕድሚት ክትስጉም ትኽእል፡ ከምኡ ስለ ዘይኮነ ኢዩ፡ ብምኽሪ ጥበብ ዝጎደሎም ውሑዳት ጭፍራ ሃገር ከም'ዚ ዝርኤ ዘሎ ኮይና ትሕመስን ትወድቕን ዘላ። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ክንጥንቀቐሉ ዘለና ኣመጻጽኣናን ዘለናዮ መድረኽን ውጽኢት ናይቲ ጽልእን፡ ቅርሕንትን፡ ኣቀታታልን፡ ዝነበሮ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን መድረኽ ኣብ ሞንጎኦም ይቕረ ተባሃሂሎም ዘይፈልጡ፡ ተቓናቐንቲ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ቃልሲ ኣለው፡ ነዚ ከይንዓቕካ ብተገዳስነት ክፅሪ ዘለዎ ቅድመ ኩነት ኢዩ ኔሩ።

ይኹን እምበር ብዛዕብኡ ተገዲሱ ንምድቃሱ ዝሓሰበ ኣካል ክሳዕ ሕጂ የለን፡ ኩሉ መምስ ሕሙም ከብዱ ይቃለስ ኣሎ፡ ግን ካኣ ኩሉ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ምስ ነብሱ እናተቓለሰ ሕድገት ከማዕብልን ኣብቲ ቀንዲ የድሊ ዝብሃል ሃገራዊ ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ከትኩርን ኢዩ ዘለዎ። ከም ባህርያት ቃልሲ ኣብ ሓደ እኩብ ወይ ጥርኑፍ ሓይሊ ተቓውሞ ደንበ ቅኑዓትን ዘይቅኑዓትን፡ ክህልው ከም ዝኽእሉ ወይ ከምዘለው ፍሉጥ ኢዩ፡ እንተኾነ ግን እቲ ዝድለ ፍታሕ ንኹሎም ዘሔጉስ ክኸውን ከም ዘለዎ ጌርካ ክውዳእ ምስ ዝግበር እዩ፡ ኩሉ ዝቕበሎን ብኣወንታ ዝርኤን ዝኸውን፡ ድሕሪ እቲ ቅኑዕን ኩሉ ዝቕበሎን ፍታሕ ምብጻሕ፡ ካኣ ኩሉ እቲ ዘባእስ ነገራት ክሃስስ ይኽእል ኢዩ። እዚ ዝመስል ኣወንታዊ ውጽኢት ምእንቲ ክሕፈስ ካኣ እዮም ኪዳን ካብ ተሞክሮኦምን፡ ካብቲ ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ በብእዋኑ የጋጥሞም ካብ ዝነበረ ፅንቅፋታትን ተማሂሮም፡ ሃገራዊ ዋዕላ ህዝባዊ ክኸውን ከምዘለዎ ኣብ ዝብል ነጥበ ስምምዕ ስለ ዝበጽሑ፡ ሎሚ ህዝቢ ኣብኡ ኣትኪሉ ክሰርሕ ተላዒሉ ኣሎ፡ ነዚ ክዕንቅፍ ዝፍትን ኣካል፡ ነቲ ጉፅዞ ሓርነታዊ ቃልሲ ይዕንቅፍ ከም ዘሎ ኮይኑ ክርኤ ናይ ግድን ኢዩ።

ምኽንያቱ እቲ ኩሉ ምእንቲ ቅኑዕ ፍታሕ ኣብ ቃልሲ ዘሎ ኣካል ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ኩሉ እቲ ጸገማት ህዝቢ ኣብ ምፍታሕ ዝክኣለሉ ኩነታት ኣብ ምቅልጣፍ ሰሪሑ ህዝቢ ኤርትራ ትንፋስ ክረክብን ነባሪ ፍታሕ ተረኺቡን መላእ ሃገር ረጊኣን ኣብ ጉዳይ ምፅብልናና ክንሰግር እንኽእለሉ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ስርዓት ካኣ እቲ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዘሎ ህዝቢ ማለት ኩሉ እቲ ተቓላሳይ ተዳኺሙ፡ እቲ ጥርናፌታት ተበቲኑ ኣብ ስልጣን ንኽቕጽል እዩ ዝቃለስ፡ ስለ'ዚ ተግባር ናይ ነብሲ ወከፍ ተቓላሳይ ብመንጽር እዚ ክልቲኡ መስመር ጉፅዞ መንን እንታይ ዝሓስብን ምዃኑ ንምልላይ ኣየጸግምን። ኣብ'ዚ ንህዝቢ ሓደራ ክብሎ ዝደሊ ነገር እንታልዩ፡ እዚ ተታሒዙ ዘሎ መድራኽ ሓደ ኣውንታዊ መሳብሮ ኮይኑ ኣብ ሓደ ጥዑይ ፍረ ዝርከቦ ውጽኢታዊ ፍታሕ ከነምጽኣሉ ንኽእል ታሪኻዊ ምዕራፍ ከብጽሓና ከም ዝኽእል ፈሊጥና ብፅቱብ ሰሪሕና ኣብ መወዳእታ ከነብጽሖ ጻዕሪ ከነካይድ ኣለና፡ ብምስትውዓል እንተዳኣ ኣብሲልናዮ ካኣ መወዳእታ ሽግርና ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ብልቦና ንርኣዮን ብኣትኩሮ ኣብ መፈጸምታ ንምብጽሑ ንቃለስን።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
በላይ መስፍን ጀርመን